ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ከተማ ውቕሮ ክልተ ኣውላዕሎ ኣብ ህንፃ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ዝርከብ ኣብ ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕቲ ዘገልግል ዝነበረ ዝተፈላለየ ሞልድ፣ፕሪካስትን ሚክሰርን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለየ ክብደት ዘለዎም ሓፂነ መፂን ብኪሎግራም መዚኑ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 10, 2018 (ቅድሚ 6 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 18, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 18, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ከተማ ውቕሮ ክልተ ኣውላዕሎ ኣብ ህንፃ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ዝርከብ ኣብ ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕቲ ዘገልግል ዝነበረ ዝተፈላለየ ሞልድ፣ፕሪካስትን ሚክሰርን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለየ ክብደት ዘለዎም ሓፂነ መፂን ብኪሎግራም መዚኑ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደሊ በዚ ስራሕ ልምዲ ዘለኩም ትካላትን ውልቀ ሰባትን ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ናይ ተጫረቲ ሙሉእ ኣድራሻን ዝርዝር ሓበሬታን ከቕርቡ ይግባእ

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ኣብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

3. ዝርዝር ዝሓዘ ደኩመንት ካብ ዕለት 10/09/2018 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ዘይምለስ ብር 200 /ክልተ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

4. ናይ ጨረታ መኽበሪ በቲ ኣብ ተራ ቐፅሪ 2' ዝተገለፀ መሰረት ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኽኑ ክፈልጥ ይግባእ።

5. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዘ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

6. ተጫረቲ ንሓደ ኪሎ ግራም ቫት ሓዊሶም ብክንደይ ዋጋ ከም ዝወስድዎ ኣብቲ ዝቐረበ ናይ ጨረታ ዋጋ መመልኢ ሰነድ ብዘይ ስርዝድልዝ ብንፁር ብዝንበብ ዕሑፍ ክምላእ ድሕሪ ምግባር ብፖስታ ዓሺጎም ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ከእትውዎ ይግባእ።

7. ናይ ጨረታ ደኩመንት ናብ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 10/09/2018 ዓ.ም እስካብ ዕለት 18/09/2018 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ይኽውን።

8. እቲ ጨረታ ዕለት 18/09/2018 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ ይኽፈት። ተጫረቲ ወይ ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኽቡ እውን ሕጋውነቱ ክሳብ ዝተረጋገፀ እቲ ዝኣተወ ናይ ጨረታ ሰነድ ኩሉ ዝክፈት ይኽውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ስዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምኺኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 5 ተኽታታሊ መዓልትታት ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ቀሪቡ ውዕል ክኣስር ይግባእ።

10. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ስዓሪ ጨረታ ካብ ጠቕላላ ዝቐረበ ዋጋ 10% ናይ ስሪሕ ኣፈፃፅማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ውሕስና /Unconditional Bank Guarantee/ ከትሕዝ ዝኽእል፣

11. በቲ ኣብ ተራ ቁፅሪ 9 ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኽታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕል ዘይኣሰረ ስዓሪ ጨረታ እቲ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዘ 2% ናብ ካዝና ትካል ኣታዊ ተገይሩ ከም ኣድላይነቱ ጨረታ ክወዕእ ከም ዝግበር ተጫራቲ ክፈልጥ ይግባእ።

12. ስዓሪ ጨረታ ሙሉእ ክፍሊት ድሕሪ ምፍፃም ነቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ካብቲ ተካል ጠቕሊሉ ከልዕሎ ይገባእ።

13. ተጫራቲ ነቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ውሽጢ 15 መዕልቲ ጠቕሊሉ ካብ ትካል እንተዘይ ኣልዒሉዎ እቲ ዘትሓዞ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ተወሪሱ እቲ ንብረት ናብ ተካል ኣታዊ ኮይኑ ከም ኣድላይነቱ ዳግም ናብ ጨረታ ክወፅእ ይግበር።

14. ተጫረቲ ንቲ ንብረት ኣብ ስራሕ ስዓት ኣብቲ ቦታ ብኣካል ተረኺቦም ክሪኡ ይኽእሉ እዮም

15. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ፣

16. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 313 ወይ ድማ ኣብ ውቕሮ ማይክሮ ፋይናንስ ብኣካል ብምቕራብ ካብ ዝምልከቶም ኣካላት ሓበሬታ ምርካብ ይካኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle